BLEIBdran
Berufliche Perspektiven für Flüchtlinge in Thüringen

FLÜCHTLINGSRAT THÜRINGEN e.V.

TIGRINYA GESTATTUNG

ESF Integrationsrichtlinie Bund

Flüchtlingsrat Thüringen e.V.

ሓፈሻዊ ሓበሬታ

# ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ—መስርሕ ዕቑባን ኣንፈት ትምህርትን ተኽእሎ ስራሕን

## ትሕዝቶ


**1 ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ (Aufenthaltsgestattung) ........ 3**

1.1 ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ (Aufenthaltsgestattung) እንታይ ማለት እዩ? ........ 3

1.2 እዚ መንቀሳቐሲ ታሴራ መዓስ ይወሃብ ? ........ 3

**2 ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ........ 4**

2.1 ቀዳሞት ኣንፈታት ........ 4

2.2 መስርሕ ዳብሊን ........ 5

2.3 ናይ ዑቕባ ኣወሃህባ ዓይነታት ኣብ ካልኦት ኤውሮፓውያን ሃገራት ........ 6

2.4 ኢንተርቪይው ኣብ ቤት ጽሕፈት BAMF ........ 7

2.5 ናይ BAMF ኣወንታዊ ውሳኔ ........ 8

2.6 ኣሉታዊ ውሳኔታት BAMF ........ 9

2.7 ተወሰኽቲ ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ........ 10

**3 ተኽእሎ ትምህርትን ስራሕን ........ 11**

3.1 ፍቓድ ስራሕ ብመንበሪ ፍቓድ ........ 11

3.2 ትምህርቲ ኣብ እዋን ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ........ 13



Bundesministerium für Arbeit und Soziales

ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland

EUROPÄISCHE UNION

Zusammen. Zukunft. Gestalten.

**ዝኸበርኩም ተገደስቲ,**

እዚ ናይ ሓበሬታ ሕጡብ ጽሑፍ ብ Flüchtlingsrat Thüringen, Projekt „BLEIB*dran*. Berufliche Perspektiven für Flüchtlinge in Thüringen“ ዝተዳለወ ኮይኑ ንዑቕባ ዝሓተቱ ስደተኛታት፣ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህቦም ዝዓለመ እዩ።

ኣብ 1ይ ክፋል እዚ ጽሑፍ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ስደተኛታት ወይ (Aufenthaltsgestattung) እንታይ ማለት ምዃኑን መዓስ ከ እዚ መንበሪ ፍቓድ ሓደ ሰብ ክወሃቦ ይኽእል ዘነጽር ጽሑፍ ዝሓዘለ እዩ። ኣብቲ 2ይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ድማ እቶም መሰረታውያን ዝኾኑ ሓበሬታታት ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ተጻሒፉ ይርከብ። ገለ ካብቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ መስርሕ ዳብሊን (Dublin-Verfahren) ከምኡ ድማ ክወሃቡ ዝኽእሉ ውሳኔታት ኣብ መስርሕ ዑቕባ ተተንቲኑ ኣሎ። ኣብቲ 3ይ ክፋል እዚ ጽሑፍ ከኣ ሓበሬታታት ብዛዕባ ትምህርትን ተኽእሎታት ዕዮን ነዚ መንበሪ ፍቓድ ዝሓዙ ሰባት ዝምልከት መግለጺ ይርከብ።

እዚ ሓበሬታዊ ጽሑፍ እዚ እምበኣር ሓፈሻዊ ዝኾነ ኣንፈታዊ መብርሂ ብዛዕባ ሕጋዊ መንገድታታ ንመንበሪ ፍቓድ ዝተወሃቦም ስደተኛታት ዝህብ ደኣ ምበር ንክኢላታት ኣማኸርቲ ኣብዚ ጽፍሒ እዚ ዝውክልን ዝትክእን ጽሑፍ ኣይኮነን።

ክሪስቲያነ ሸልከር፣ ጉድሩን ከይፍል

*Flüchtlingsrat Thüringen e.V.*

ፕሮጀክት BLEIB*dran*

ኤርፈርት፣ ግንቦት 2017

Flüchtlingsrat Thüringen e.V.
ግንቦት 2017

# 1 ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ (Aufenthaltsgestattung)

ኣብዚ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ብዛዕባ ትርጉም መንበሪ ፍቓድ Aufenthaltsgestattungን መዓስ እዚ ፍቓድ ሓደ ሰብ ክወሃቦ ከም ዝኽእልን ሓበሬታታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

## 1.1 ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ (Aufenthaltsgestattung) እንታይ ማለት እዩ?

እዚ Aufenthaltsgestattung ዝበሃል ቀጠልያ ወረቐት ኮይኑ ክልተ ዕጻፍ ዘለዎ ታሴራ እዩ። ትሕዝቶ ናይዚ ታሴራ ድማ መንነት ናይቲ ተሓዚ (ስም፣ ዕለተ-ትውልዲ፣ ኣድራሻ) ከምኡ እውን ስእሊ ናይቲ ሰብ ይርከቦ። እዚ ወረቐት ድማ ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ ከም መንቀሳቐሲ ታሴራ የገልግል። እቲ ወረቐት መጀመርያ ብቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን (Bundesamt für Migration und Flüchtlinge) ወይ ከኣ ብኣሕጽሮት (BAMF) ይዳሎ። ከምቲ ግቡእ ከኣ ካብ 3 ክሳብ 6 ኣዋርሕ የገልግል። ብድሕሪኡ ድማ በቲ ኣብቲ ትቕመጥዎ ዝርከብ ኢሚግረሽን (Ausländerbehörde) ክሳብ መስርሕ ዑቕባኹም ውሳኔ ዝርከቦ ክናዋሕ ይኽኣል።

## 1.2 እዚ መንቀሳቐሲ ታሴራ መዓስ ይወሃብ ?

እዚ መንበሪ ወረቐት ወይ Aufenthaltsgestattung እንተ ኣለኩም፣ ኣብዚ ሃገር ብዕሊ ዑቕባ ሓቲትኩም ኣለኹም ማለት እዩ። ይኹን ደኣምበር እቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ገና ውሳኔ ኣይተዋህቦን ወይ ኣብ ምጽራይ ይርከብ። ዋላ እውን ውሳኔ ምስ ተወሃበኩም ይግባይ (ዳግማይ ይረኣየለይ) እንተ ኢልኩም፣ ከምቲ ልሙድ በቲ Aufenthaltsgestattung ኢኹም ትኸዱ። ምኽንያቱ እቲ መስርሕ ዑቕባኹም ገና ኣይተዛዘመን ኣሎ ማለት እዩ። ኣብዚ ኩነታት ግን ሓደ ሓደ ካልኦት ኣገባባት እውን ሰለ ዘለዉ ብዝያዳ ሓበሬታ ምስ ጠበቓኹም ወይ ድማ ንኣማኻርቲ ክኢላታት እዚ ሕጊ እንተ ተወከስኩም ዝምረጽ እዩ።

**ኣገዳሲ ለበዋ:**

ይግባይ ምባል ወይ ኣንጻር ውሳኔ ዑቕባ ክሲ ምምስራት ማለት ኣብ ቤት ፍርዲ ምኻድ ማለት እዩ። ስለዚ እቲ ብ BAMF ዝተዋህበ ውሳኔ ዑቕባ ኣብ ቤት ፍርዲ ክረኣየልካ ምሕታት ማለት እዩ። ነዚ ጉዳይ ዝርኢ ድማ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ እዩ። ኣብ ኣውራጃ ቱሪንገን ዝርከባ ምምሕዳራውያን ቤት ፍርዲታት ናይ ከተማታት ማይኒንገን፣ ቫይማር ከምኡ ውን ጌራ እየን። ኣብ ቤት ፍርዲ ክሲ ምስ ቀረበ እውን ብዙሕ ግዜ ክበልዕ ይኽእል እዩ። እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ድማ ናይ ሕጊ ክኢላ ወይ ጠበቓ ጌርካ ክሲ ምስ ተእትው ዝተመርጸ እዩ።

# 2 ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ

ኣብዚ ክፋል ናይ ጽሑፍና እቶም ፈላሞት ሓበሬታታት ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ንረክብ። ገለ ካብዞም ሓበሬታት ብዛዕባ መስርሕ ዳብሊን ከምኡ ድማ ክወሃቡ ዝኽእሉ ውሳኔታት ዑቕባ ይርከቡ።

## 2.1 ቀዳሞት ኣንፈታት

- መስርሕ ዑቕባ ኣብዚ ሃገር ብቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን (BAMF) እዩ ዝካየድ። ቅድሚ መስደዲኺ ምኽንያት ምዝራብካ ግን እቲ ቤት ጽሕፈት ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሃገር ኢድካ ሂብካ ከይትኸውን ከምርምር ግድን እዩ።
- ቅድሚ ሕጂ ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር ናይ ኣጻብዕቲ ስምብራት (ዓሻራ) ወይ ድማ ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር ዑቕባ ሓቲትካስ መልሲ ኣይመጸካን ወይ ተነጺግካ? ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ምስ ዝኸውን BAMF ናብ ናይ ዳብሊን መስርሕ ክሰጋግሮ ይኽእል እዩ። ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዳብሊን ኣብ ምዕራፍ 2.1. ትረኽቡ
- ኣቐዲምኩም ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮፓ ሃገር ናይ ምንባር ፍቓድ (ዘይምጥራዝ) እንተ ተዋሂብኩም BAMF እታ ሃገር ክትቅበሎም ወይ ናብኣ ክመልሰኹም ክሓትዋ ይኽእሉ እዮም። ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ኣብ ምዕራፍ 2.2. ትረኽቡ።
- ካብዚ ወጻኢ ግን፣ BAMF ብቆጸራ ጸዊዑ ብዛዕባ መሰደዲኹም ምኽንያት ቃለ-መጠይቕ (ኢንተርቪይው) የካይደልኩም እሞ መርሚሩ ድማ ውሳኔ ይህብ። ሓበሬታ ብዛዕባ ቃለ-መጠይቕ ኣብ ምዕራፍ 2.3. ይርከብ።
- ኣብ ምዕራፍ 2.4 ድማ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣወንታዊ ውሳኔ ኣብ መስርሕ ዑቕባ ዝምልከት ሓበሬታ ትረኽቡ። ኣብ ምዕራፍ 2.5 ከኣ ብዛዕባ ኣሉታዊ ውሳኔ (ምንጻግ) ዝምልከት ትረኽቡ። ጥልቕ ዝበለ ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ድማ ኣብ ምዕራፍ 2.6. ይርከብ።

**ኣገዳሲ ለበዋ:**

ብኽብረትኩም እንተ ደኣ ኣድራሻኹም ቀይርኩም፣ ብቕጽበት ንBAMF ሓብርዎ። ብተደጋጋሚ ከኣ (ብዝበለጸ መዓልታዊ) ፖስታ መጺኩም ከይ ከውን ፈትሹ። ምኽንያቱ መብዛሕትኡ እዋን ቆጸራ ኣብ ሓጺር እዋን ስለ ዝግበር፣ እቲ ደብዳቤ ብእዋኑ ክትርእዮ ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ እውን እቲ ይግባይ ክትብሉሉ ዝወሃበኩም ናይ ግዜ ገደብ ኣዝዩ ሓጺር እዩ። እንተ ደኣ ካብ BAMF ፖስታ መጺእኩም፣ እቲ ወረቐት ጥራይ ዘይኮነስ እታ ሰታሪት ከይተረፈ ኣብ ጽቡቕ ኣቐምጥዎ። ምኽንያቱ ኣብታ ሰታሪት ዝጸሓፍ ዕለት ነቲ ናይ ይግባይ ግዜ ገደብ ዓቢ ተራ ስለ ዘጻወት።

# 2.2 መስርሕ ዳብሊን

ናይ ኣጻብዕቲ ስንብራት (ዓሸራ) ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር ገዲፍኩም እንተ ነይርኩም ወይ ድማ ኣብታ ሃገር ዑቕባ ሓቲትኩም እንተ ነይርኩም ግን ከኣ እቲ ዑቕባኹም እንተ ተነጺጉ ወይ ድማ ገና እንተ ዘይተወሲኑ፣ ቤት ጽሕፈት BAMF „መስርሕ ዳብሊን“ ዝበሃል ኣገባብ ክጥቀም ይኽእል እዩ።

## ■ መርመራ ዳብሊን

ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ወይ BAMF „ዕድመ ንመርመራ ዳብሊን“ ዝብል ደብዳቤ እንተሰዲድልኩም ንናይ ዑቕባ ቃለ-መጠይቕ (ኢንተርቪው) ቆጸራ ገይርልኩም ማለት ኣይኮነን! ኣብዚ ናይ ዳብሊን መርመራ ንስኹም ኣብታ መጀመርያ ዝነበርኩምላ ኤውሮፓዊት ሃገር ክትምለሱ ኣለኩም ድዩ የብልኩምን እዩ ዝጻረ። ኣብዚ መርመራ ድማ ኩሉ ናብታ ሃገር ዘይመምለሲኹም ምኽንያት ብዝርዝር ክተብርሁ ዕድል ይወሃበኩም።

**ነቲ ናይ ዳብሊን መርመራ ብግቡእ ተዳሊኹምሉ ክትጸንሑ ይግባእ!**

ንኣብነት ቀረባ ቤተሰብ ኣብ ጀርመን እንተለኩም ስሞም፣ ዕለተ ትውልዶምን ኣድራሻኦምን ሒዝኩም ምኻድ የድሊ። ሕማም ወይ ስንክልና እንተለኩም ድማ ኩነታት ጥዕናኹም፣ ትወስድዎ መድሃኒታት ብዑምቀት ግለጽሎም። እንተ ተኻኢሉ ድማ ናይ ሓኪም ምስክር ጽሑፍ እንተለኩም ኣብቲ ናይ ዳብሊን መርመራ ሒዝኩሞ ምጹ።

> **ኣገዳሲ ለበዋ፡**
>
> መብርሂ ጽሑፍ ብዛዕባ ናይ ሓካይም ምስክር ወረቐት ኣብ መስርሕ ዑቕባ ኣብዚ ትረኽቡ:
> http://www.fluechtlingsrat-thr.de/arbeitshilfen/beratungshilfen

ብተወሳኺ ድማ ስለምንታይ ናብታ ክትምለስዋ ዘለኩም ኢውሮፓዊት ሃገር ክትምለሱ ከምዘትደልዩ ወይ እንታይ ከም ዘጋጠመኩም ኣስፊሕኩም ግለጽሎም። እንተ ደኣ ግቡእ ክንክን ዘይግበረልኩም ነይሩ ወይ ብሕማቕ ትተሓዙ እንተ ነይርኩም ኩሉ ኣብርህሎም። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣቲኹም እንተ ነይርኩም ሓብርዎም። እኹል ምግቢ ይወሃበኩም እንተ ዘይነይሩ ግለጽዎ። ከምኡ ድማ ሕክምናዊ ረዲኤት ይግበረልኩም እንተ ዘይነይሩ ኣብርህዎ። ብዝተኻእለ መጠን ኩሉ ጸገማት ብደቂቕ ክትገልጽዎ ፈትኑ። ስሚዒታዊ ኩነታት እንተ ኣጋጢምኩም እውን ብዛዕቡ ከይተሰከፍኩም ተዛረቡ።

እዚ ግን ብቐጥታ ስለ ዝይትሕተቱ ናይ መወዳእታ ቃል ሃቡ ምስ ተባሃልኩም ባዕልኹም ኩሉ ግለጽዎ። ብተወሳኺ እውን ናብታ ሃገር ምስ ትምለሱ ዘፍርሓኩምን ነገርን ዘለኩም ስክፍታን ኣብርህሎም። ኩሉ እቲ ትብልዎ ድማ ከም ዝተጻሕፈን ዝተመዝገበን ተገንዘቡ።

### ■ ብድሕሪ ናይ ዳብሊን መርመራ

ብድሕሪ ናይ ዳብሊን መርመራ ናይ ዳብሊን ውሳኔ ክመጸኩም እዩ (ብጫ ሰታሪት ዘለዎ)። ምናልባሽ ናይ ዑቕባ ጉዳይኩም ኣብ ጀርመን ክርእ ከፍቕድ ይኽእል እዩ። ወይ ውን ናብቲ ዝነበርኩሞ ሃገር ተመለሱ ክብለኩም ይኽእል እዩ። እዚ ማለት እቲ ኣብዚ ሃገር ዑቕባ ክወሃበኩም ዝሓተትኩሞ ጠለብ ተነጺጉ ማለት እዩ። ከምዚ ምስ ዝኸውን ካብ BAMF ደብዳቤ „unzulässig“ ወይ "ዘይብቑዕ" ዝብል ይስደደልኩም። ኣንጻር እቲ ውሳኔ ድማ ክሲ ክትምስርቱ ትኽእሉ ኢኹም።

### ■ ናይ ግዜ ገደብ ኣብ መስርሕ ዳብሊን

እንተደኣ ቤት ጽሕፈት BAMF ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም ወይ ኢድኩም ከም ዝሃብኩም ኣረጋጊጹ፣ ነታ ኢድኩም ዝሃብኩምላ ሃገር ከም እንደገና ክትቅበለኩም ይሓታ። ካብታ ሕራይ ዝበሉላ መዓልቲ ድማ መንግስቲ ጀርመን ናብታ ሃገር ክመልሰኩም 6 ወርሒ ግዜ ጥራይ ኣለዎ። ሓደ ሓደ እዋን እዚ ናይ ግዜ ገደብ ይሓልፍ እሞ መንግስቲ ጀርመን ኣብዚ ሃገር ዑቕባ ንኽትሓቱ ብሕጊ ይግደድ። ኣብ መብዝሕትኡ ጉዳያት ግን እታ ናይ መጀመርያ ሃገር እያ ብሕጊ ናይ ዳብሊን ስምምዕ ዑቕባ ክትህበኩም ዝግባእ። ኣብ ገለ ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎ ጉዳያት ግን ዑቕባ ቤተ-ክርስትያን ብምሕታት ነቲ ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ግዜ ኣብ ምስግጋር ቤተ ክርስትያት ትተሓባበር እያ። ናይ ቤተ-ክርስትያን ዑቕባ ይግባኣኩም ድዩ ኣይግባኣኩምን ድማ እቶም ማሕበር ናይቲ በተ-ክርስትያን ወይ ኣካየድቲ ስራሕ ቤተ-ክርስትያት ጥራይ እዮም ዝውስኑ።

| ኣገዳሲ ለበዋ: |
| --- |
| እንተ ደኣ መስርሕ ዳብሊን ዝጸልወኩም ኮይኑ ብዝተኻእለ መጠን ናብ ኣማኸርቲ ክኢላታት ወይ ድማ ናብ ናይ ሕጊ ጠበቓ ኬድኩም ሓበሬታ ቅሰሙ! ብፍላይ ድማ ካብ ሃገራት ሃንጋሪ፣ ዓዲ ጥልያን፣ ክሮኤሻ፣ ግሪኽን ቡልጋሪያን ዝመጻእኩም እንተ ኮይንኩም ወይ ድማ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ብኻልኦት ሃገራት ኤውሮፓ ዝተጸገ እንተ ኮይኑ። |

## 2.3 ናይ ዑቕባ ኣወሃህባ ዓይነታት ኣብ ካልኦት ኤውሮፓውያን ሃገራት

ኣህጉራዊ ዑቕባዊ ድጋፍ ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር እንተተዋሂብኩም ወይ ከም ስደተኛ መጠን ዑቕባ ተዋሂብኩም ኣሎ ወይ ከኣ ብስምምዕ ናይ ጀነቫ መሰረት “subsidiären Schutz“ ተገይሩልኩም ኣሎ።

ከም እንደገና ኣብ ካልእ ሃገር መጺእካ ዑቕባ ምሕታት ኣይከኣልን እዩ። ይኹን ደኣምበር ቤት ጽሕፈት BAMF ናብታ ሃገር ዘየምልስ ጉዳያት እንተሎ መጀመርያ ይፍትሽ።

ምናልባሽ ቤት ጽሕፈት BAMF ክምለስ የብሉን ትብል ትኸውን። ምናብሽ ውን ናብታ ሃገር ክመልስኹም ይኽእሉ („Asylantrag unzulässig“)። ክምዚ ምስ ዝኸውን ክሲ ኣንጻር እቲ ውሳኔ ከተእትዉ ጥኽእሉ ኢኹም። እታ ናይ ውሳኔ ሰታሪት ደብዳቤ ናይ ግድን ምሳኹም ክትዕቅብዋ ኣለኩም። ምኽንያቱ እቲ ተለጢፍሉ ዘሎ ዕለት ኣብቲ ሰታሪት ነቲ ናይ ክሲ ገደብ ስለ ዝቐይድ። እቲ ዕድል ናይ ይግባይ ክሲ ብጣዕሚ ድሩት እዩ!

ነቲ ናይ ምጥራዝ ተኽእሎ ግን (በንጻር ናይ ዳብሊን መስርሕ) ናይ ግዜ ገደብ የብሉን። እዚ ማለት ቀጻሊን ኣብ ዝኾነ እዋንን ክትጥረዙ ትኽእሉ ኢኹም ማለት እዩ።

> **ኣገዳሲ ለበዋ:**
>
> ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊ ሃገር ዑቕባ ስለ ዝሃተትኩም ኢኹም ናብቲ ሃገር ክትጥረዙ ትኽእሉ። ብዝተኻእለ መጠን ናብ ኣማኸርቲ ስደተኛታት ወስ ድማ ናይ ሕጊ ክኢላ (ጠበቓ) ብእዋኑ ከይድኩም ሓበሬታ ቅሰሙ! ብፍላይ ድማ ካብ ሃገራት ሃንጋሪ፣ ዓዲ ጣልያን፣ ግሪኽን ቡልጋርያን ዝመጻእኩም እንተኮይንኩም።

## 2.4 ኢንተርቪይው ኣብ ቤት ጽሕፈት BAMF

ቃለ-መጠይቕ ናይ ዑቕባ ወይ ኢንተርቪይው እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ባእታ ኣብ መስርሕ ዑቕባ እዩ። ኣብቲ መርመራ ድማ ስለምንታይ ካብ ሃገርኩም ከም ዝተሰደድኩም ኣስፈሕኩም ክትገልጹ ይግባእ። ናብ ሃገርኩም እንተ ደኣ ተመሊስኩም እንታይ ከጋጥመኩም ይኽእል፣ እንታይ እዩ ዘፍርሃኩም ኣብርሁ። ኩሉ እቲ ትብልዎ ከኣ ብጸብጻብ መልክዕ ይጸሓፍ። ቤት ጽሕፈት BAMF ኣብ መወዳእታ በቲ ጸብጻብ መሰረት ብቐዓት ትሓትዎ ዑቕባ መዚኑ መልሲ ይህብ። **ስለዚ ቅድሚ ኢንተርቪው ምግባርኩም ብግቡእ ተዳለውሉ!**

> **ኣገዳሲ ለበዋ:**
>
> ንኢንተርቪይው ዑቕባ ዝምልከት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ሓበሬታታት ኣብዚ ትረኽቡ:
>
> http://www.asyl.net/index.php?id=337
>
> http://www.lawclinicmunich.de/wie-bekomme-ich-hilfe/anhoerung
>
> http://www.asylindeutschland.de/de/film-2/

ተወሳኺ ምኽርን ሓበሬታን ብክኢላታት ናይ ዑቕባ መስርሕ ወይ ብናይ ሕጊ ጠበቓ ምቕሳም ዕዙዝ ኣገዳስነት ክህልዎ ዝኽእል እዩ።

## 2.5 ናይ BAMF ኣወንታዊ ውሳኔ

### ■ እተን ኣርባዕተ ናብ BAMF ኣወንታውያን ውሳኔታት

**1. ቅቡል ዑቕባ**

ዑቕባ ዝወሃቦም ኣካላት ብፖለቲካዊ ጸገማት ብበረራ ናብ ጀርመን ዝመጹ ክኾኑ ይኽእሉ። ናይ 3 ዓመት መንበሪ ፍቓድን ሰማያዊ ናይ ስደተኛ ፓስፖርትን ድማ ይወሃቦም።

**2. ቅቡላት ብናይ ጀነቫ ውዕል ስደተኛታት**

ተቐባልነት ከም ስደተኛ ዝረኸቡ ሰባት፣ ብሰንኪ ዓሌቶም፣ ሃይማኖቶም፣ ዜግነቶም፣ ፖለቲካዊ መትከላቶም፣ ወይ ውን ብሰንኪ ኣባልነት ማሕበራዊ ጉጅለታት፣ ውልቃዊ ዝኾነ ጸጋማት ኣብ ሃገሮም ኪጋጥሞም ከም ዝኽእል ዘእምን ምኽንያት ንዘለዎም እዩ። በዚ መሰረት ከኣ ናይ 3 ዓመት መንበሪ ፍቓድን ሰማያዊ ናይ ስደተኛ ፓስፖርትን ድማ ይወሃቦም።

**3. ደገፋዊ ክንክን (Subsidiärer Schutz)**

ደገፋዊ ክንክን ዝወሃቦም ሰባት ኣብ ሃገሮም ከቢድ ጉድኣት ክወርዶም ምኽኑ ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎም (ንኣብነት ብሰንኪ ኲናት፣ ግፍዒ ወይ ናይ ሞት ፍርዲ) እዮም። እዚኣም ናይ ሓደ ዓመት መንበሪ ፍቓድ ወረቐት ይወሃቦም እሞ ናይ ሃገሮም ፓስፖርት ከምጽኡ ድማ ይግደዱ።

**4. ውግዳ ጥራዘ (Abschiebungsverbot)**

ናብ ሃገሮም ክጥረዙ ዘይክእሉ ሰባት፣ ኣብ ሃገሮም መሰል ወድሰብ ዝገሃስ እንተ ኮይኑ ወይ ከኣ ኣብ ኣካላቶም ኮነ ኣብ ሂወቶም ወይ ናጽነቶም ከም ዝገሃስ (ንኣብነት መከራ ወይ ስግኣት ኣብ ህይወት ወይ ብሰንኪ ከቢድ ሕማም) ንጹር ሓበሬታ ምስ ዝህሉ እዩ። እዚኣም ናይ ሓደ ዓመት መንበሪ ፍቓድ ወረቐት ይወሃቦም እሞ ናይ ሃገሮም ፓስፖርት ከምጽኡ ድማ ይግደዱ።

### ■ ውጽኢት ኣወንታዊ ውሳኔ BAMF

ኲሎም እዞም ኣወንታውያን ውሳኔታት BAMF ኣብዚ ሃገር ንኽትነብር መንበሪ ፍቓድ ዘውህቡ እዮም። እዚ መንበሪ ድማ ኣብ ኢሚግረሽን ከይድካ መመልከቻ እንዳ የእተኻ ክናዋሕ ይከኣል። ገዛ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እንተ ነውሐ ድማ ካብዛ ውሳኔ ትወሃበኩም ናይ ቋንቋን መለማመዲ ሃገርን ትምህርት (Integrationskurs) ክትሳተፉ መሰል ኣለኩም። ካብ ናይ ማህበራዊ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት (Sozialamt) ናብ ቤት ጽሕፈት ኣናደይቲ ዕዩ (Jobcenter) ድማ ትቕይሩ።

### ■ ክሲ ኣንጻር ክፊል ኣወንታዊ ውሳኔ BAMF

እንተ ደኣ እቲ መስደዲኹም ምኽንያት ብዕቱብ ኣይተራእየን ዝብል ርእይቶ ኣለኩም ኮይኑ ወይ ዝሓሸ ውሳኔ ክወሃበኒ ኣለዎ ትብሉ ኮይንኩም፣ ኣንጻር እቲ ዝተወሃበኩም ውሳኔ ክሲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እንተደኣ ኣንጻር ጥረዛዊ መሰናኽላት ክትከሱ ደሊኹም ግን እቲ መስርሕ ዑቕባኹም እውን ክምጠጥን ግዜ ክወስድን ስለ ዝኽእል ብዝበለጸ ቅድሚ ክሲ ምግባርኩም ናብ ክኢላታት ሕጊ ብምኻድ ሓበሬታ ቅሰሙ። ጠበቓ ሒዝኩም ድማ ክትማጎቱን ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከይህልዎ ክትዳለውሉን ድማ ክኢላ ሕጊ ተወከሱ። እቲ ናይ ክሲ ግዜ ገደብ (ክልተ ሰሙን)ድማ ሽለል ኣይትበልዎ።

## 2.6 ኣሉታዊ ውሳኔታት BAMF

### ■ እተን ሰለስተ ኣሉታዊ ውሳኔታት BAMF

#### 1. ዘይብቑዕ ሕቶ ዑቕባ ወይ „unbegründet“

እቲ ዝሓተትኩሞ ዑቕባ (ከምቲ ንሳቶም ዝብልዎ) ከምቲ ኣብ 2.4 ተተንቲኑ ዘሎ ኣገባብ ክስነድ ዝኽእል ብቑዕ ምኽንያት ኣይኮነን ተባሂሉ ተነጺጉ ኣሎ ማለት እዩ።

#### 2. ሩኡይ ዘይብቑዕ ሕቶ ዑቕባ ወይ „offensichtlich unbegründet“

እቲ ዝሓተትኩሞ ዑቕባ „offensichtlich unbegründet“ ተባሂሉ እንተ ተነጺጉ፣ (ብናቶም ኣረኣእያ) ቁጠባዊ ጉዳይ ጥራይ ናብ ጀርመን ከም ዘምጸኣኩም፣ ስኑዕ ሰነዳት ከም ዘቕረብኩም፣ ወይ ከኣ ኣብ ኢንተርቪው ናይ ፈጠራ (ሓሶት) ሓበሬታ ከም ዝሃብኩም ኢሎም ገሚቶም ኣለዉ ማለት እዩ። ብተወሳኺ ድማ ካብተ “ውሑሳት ሃገራት” ተባሂለን ዝተገመታ ሃገራት ዝመጻእኩም እንተ ኮይንኩም (ኣልባንያ፣ ቦዝንያ፣ ጋና፣ ኮሶቮ፣ ማቸዶንያ፣ ሞንተነግሮ፣ ሰኔጋል፣ ሰርብያ) ናይ ምንጻግ ተኽእሎ ብ„offensichtlich unbegründet“ ዓቢ እዩ።

#### 3. ዘይቅቡል ሕቶ ዑቕባ ወይ „unzulässig“

ሕቶ ዕቑባኹም ብ„unzulässig“ እንተ ተነጺጉ ናይዚ ምኽንያት ወይ ምናልባሽ ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር ኣቐዲምኩም ናይ ኣጻብዕቲ ስንብራት ሂብኩም ኣለኹም ወይ ውን ዑቕባ ሓቲትኩም ነይርኩም ማለት እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ኣብ ምዕራፍ 2.1 (መስርሕ ዳብሊን) ተዘርዚሩ ይርከብ። ምናልባሽ ውን ናይ ዑቕባ ክንክን ኣብ ካልእ ሃገር ተገይሩልኩም ኣሎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ኣብ ምዕራፍ 2.2 (ናይ ዑቕባ ክንክን ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር) ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ትረኽቡ።

### ■ ሳዕቤናት ኣሉታዊ ውሳኔታት BAMF

እንተ ደኣ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተነጺጉ፣ ካብዛ ሃገር ጠቕሊልኩም ንኽትወጹ ብሉ ንብሉ ትሕተቱ። ኣንጻር እቲ ውሳኔ ድማ ኣብ ቤት ፍርዲ ክሲ ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ መንበሪ ወረቐትኩም ድማ ትምንጠሉ እሞ ግዝያዊ መንቀሳቐሲ ወረቐት ይወሃበኩም።

> **ኣገዳሲ ለበዋ:**
>
> እንተ ደኣ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ተነጺጉ፣ ብቐልጡፍ ወይ ናብ ኣማኸርቲ ስደተኛታት ወይ ድማ ናብ ክኢላ ሕጊ ብምኻድ ሓበሬታ ቅሰሙ!

### ■ ክሲ ኣንጻር ምንጻግ ሕቶ ዑቕባ (ኣሉታዊ ውሳኔ)

ዝሓተትኩሞ ዑቕባ እንተ ተነጺጉ፣ ናይቲ ውሳኔ ክሲ ክትምስርቱ ትኽእሉ ኢኹም። ባዕልኹም ኣብቲ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ኬድኩም ክሲ ከተአትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ትኸድዎ ቤት ፍርዲ ኣብቲ ውሳኔ ናይ BAMF ወረቐት ኣብቲ ጠቓሚ ሓበሬታ ዝብል ናይ መወዳእታ ገጽ ተጻሒፉ ይርከብ። እቲ ዝበለጸ ግን ናይ ሕጊ ጠበቓ ሒዝካ ክሲ ምቕራብ እዩ።

#### ግዝያዊ ገደብ ክሲ

ዝሓተትኩሞ ዑቕባ „ዘይብቑዕ" ተባሂሉ እንተ ተነጺጉ፣ ክሲ ክትምስርቱ 2 ሰሙን ጥራይ ግዜ ኣለኩም። „ርኡይ ዘይብቑዕ" ወይ ድማ „ዘይቅቡል" ተባሂልኩም እንተ ተነጺግኩም ድማ ሓደ ሰሙን ጥራይ ግዜ ክሲ ንምቕራብ ይወሃበኩም።

#### ህጹጽ መመልከቻ

ዝሓተትኩሞ ዑቕባ „ርኡይ ዘይብቑዕ" ወይ ድማ „ዘይቅቡል" ተባሂሉ እንተ ተነጺግኩም፣ ትገብርዎ ክሲ ዘናውሖ ነገራት የብሉን። እዚ ማለት ክሲ ምስ ተቐርቡ ካብ ምጥራዝ ተገላጊልኩም ማለት ኣይኮነን። ስለዚ መታን ናይ ምጥራዝ ጸገማት ከየጋጥም ኣብ ልዕሊ ክሲ ተወሳኺ ህጹጽ መመልከቻ ክግበር ኣለዎ ድዩ የብሉን ክምርመር ይግባእ።

## 2.7 ተወሰኽቲ ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ

### ■ ነዊሕ ግዜ ዝወሰድ መስርሕ ዑቕባ

ኢንተርቪው ክትገብሩ ንነዊሕ እዋን ትጽበዩ ኣለኹም? ወይ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ኢንተርቪው ጌርኩም ክንስኹም ስጋብ ሕጂ መልሲ ኣይረኸብኩምን? ንBAMF ናይ ምሕንጋድ ስራሕ ክሲ ኣዳሊኹም ናብ ቤት ጽሕፈት BAMF ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ናይ ምሕንጋድ ስራሕ ክሲ ቤት ጽሕፈት BAMF ክሰርሖ ዘለዎ ስራሕ ኣይፍጽምን ኣሎ ኢልካ ዝኽሰስ ክሲ እዩ። ሕቶ ዑቕባኹም ናይ ምቕባል ዕድላት ጽቡቕ ዝመስል እንተኮይኑ ጥራይ ግን ተታሒዙ ዘሎ ጉዳይ ወይ ውሳኔ ክቀላጠፍ ክትሓቱ ዘለኩም።

ጉዳይኩም ከምዚ ምስ ዝኸውን ኣቐዲምኩም ብኣማኸርቲ ስደተኛታት ወይ ናይ ሕጊ ክኢላታት ኬድኩም ሓበሬታ ቅሰሙ።

### ■ ምስሓብ ናይ ዑቕባ ሕቶ

ኣብዚ ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ ግን ከኣ ብወለንተናኻ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ትሓስበሉ እንተለኻ ተቐዳዲምካ ዝሓተትካዮ ዑቕባ

ክምለስ ኣብ ኢሚግረሽን ፍጹም ከይትፍርም። ቅድሚ ዝኣገረ ናብ ክኢላታት ኣማኸርቲ ሕጊ ስደተኛታት ብምኻድ እኹል ሓበሬታ ደልብ። ብተወሳኺ እውን ኩለን ሃገራት ኣይኮናን ምስ ትምለስ ሰቕ ኢለን ዝቕበላ (ንኣብነት ሶርያ)።

# 3 ተኽእሎ ትምህርትን ስራሕን

ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ፣ እቶም ፈላሞት ሓበሬታታት ብዛዕባ ተኽእሎ ስራሕ (ምዕራፍ 3.1) ከምኡ ድማ ትምህርቲ (ምዕራፍ 3.2) ብመንበሪ ፍቓድ ዝምልከት ጽሑፋት ንረክብ።

## 3.1 ፍቓድ ስራሕ ብመንበሪ ፍቓድ

ኣብጀርመን ስራሕ *Beschäftigung* (ስራሕተኛ)ን *Erwerbstätigkeit* (በዓል ስራሕ)ን ተባሂሉ ይምቀል። ስራሕተኛ ክበሃል ከሎ ሓደ ሰብ ተቖጺሩ ኣብትሕቲ ሓለፍቱ ክሰርሕ እንከሎ እዩ። በዓል ስራሕ ድማ ሓደ ሰብ ነብሱ ክኢሉ ናይ ባዕሉ ሓላፊ ኮይኑ ክሰርሕ እንከሎ እዩ። እዚ *Aufenthaltsgestattung* ወይ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ወረቐት ዝሓዘ ሰብ ናይ ባዕሉ ትካል ክገብር ወይ ናቱ ስራሕ ክሰርሕ ኣይፍቀዶን እዩ። ስለዚ ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፋትና "ስራሕ" ክንብል እንከለና "ደሞዝተኛ ወይ ስራሕተኛ" ማለት ምዃንና ምግንዛብ የድሊ።

### ■ ተኽእሎ ምርካብ ስራሕ

ኣብተን ቀዳሞት 3 ኣዋርሕ ኣብ ጀርመን ዝመጻእኩምለን ከምኡ ውን ኣብ እዋን መቐበሊ ስደተኛታት ትነብሩሉ ግዜ (እንተነውሐ 6 ኣዋርሕ) ክትሰርሑ ኣይፍቀድን እዩ። ድሕሪ 3 ወርሒ ኣብዚ ሃገር ምስ ገበርኩም ከምኡ ውን ካብቲ መቐበሊ ስደተኛታት ምስ ቀየርኩም ግን ስራሕ ክትሰርሑ ይፍቀድ። ዳርጋ ኣብ ኩሉ ባእታታት ግን ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን ናይ ፍቓድ ደገፍ ክድልየኩም እዩ። ፍቓድ ዘየድልዮ ዓይነት ስራሓት ምልምማድ ስራሕ ኣብ ሓደ ትካል፣ ናይ ትምህርቲ ተግባራዊ ልምምድ ከምኡ ድማ ወለንታዊ ግብረ-ሰናይ ኣገልግሎት እዮም።

### ■ ምንፋግ ተኽእሎ ስራሕ ወይ ምኽልካል ስራሕ

ካብዘን „ውሑሳት" ሃገራት ዝመበቆልኩም ዜጋታት እንተኮንኩም፣ ማለት (ኣልባንያ, ሞንተነግሮ, ቦዝንያ, ኮሶቮ, ሰርብያ, ማቸዶንያ, ጋና, ሰነጋል) ከምኡ ድማ ካብ ዕለት 31.8.2015 <u>ንደሓር</u> ዘሎ እዋን ዕቑባ ዝሓተትኩም እንተ ኾንኩም ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን ፍቓድ ስራሕ ይኽልኣኩም እዩ።

### ■ ስራሕ እንተረኺበ ኸ እንታይ ክገብር ይኽእል?

ስራሕ እንተደኣ ረኺብኩም እቲ ናትኩም ሓላፍነት ወሲዱ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ወይ ኢሚግረሽን ኣብቲ መንበሪ ወረቐትኩም ክትሰርሑ ከም ዘፍቀደልኩም ክጽሕፈልኩም ኣለዎ መጀመርያ። ነዚ ንኽግበረልኩም ግን መጀመርያ ኣብቲ ኢሚግረሽን መመልከቻ ከተእትዉ ይግባእ። ቅዳሕ ናይ ስራሕ ውዕል ድማ ኣተሓሒዝኩም ትህብዎም።

ኣገዳሲ ለበዋ፡

ናይ ስራሕ ፍቓድ ክትሓቱ ምስ ትደልዩ ኩሉ ግዜ ብጽሑፍ መመልከቻ የእትዉ!

እንተደኣ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ነቲ ናይ ስራሕ ፍቓድ ጠለብኩም ነጺግዎ ድማ ምኽንያት መንጸጊ ዝገልጽ ብጽሑፍ መልክዕ ክህቡኹም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም መታን ደሓር ኣንጻር እቲ ውሳኔኦም ክትማጎቱ (ይግባይ/ ክሲ ኣብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ)። ናይ ቃል ጥራይ ምስ ዝኸውን ግን ወላሓንቲ ጭብጢ ኣይኮነን። ነቲ ናይ መመልከቻ ፎርም እንተ ደሊኹም ኣብዚ ጠውቑ: [http://www.fluechtlingsrat-thr.de/arbeitshilfen/antragshilfen](http://www.fluechtlingsrat-thr.de/arbeitshilfen/antragshilfen)

ፍቓድ ስራሕ እንተዘይተዋሂብኩም ወይ ናብ ኣማኸርቲ ስደተኛታት ወይ ድማ ናብ ክኢላ ሕጊ ብምኻድ ሓበሬታ ቅሰሙ።

መብዛሕትኡ እዋን እውን ሚኒስትሪ ዕዮ እዚ ሃገር (Bundesagentur für Arbeit) እቶም ክስርሕኹም ዝደልዩ ትካል ኩሉ ቅጥዕታትኩም ኣማሊኦም ዲዮም ኣየማልኡን ይምርምር (ግቡእ ሰዓታት ስራሕ፣ ግቡእ ደሞዝ)። እዚ ድማ መመልከቻ ናብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ምስ የእተኹም ብተዛማዲ ድማ በቲ ቤት ጽሕፈት ዕዮ እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ጉዳይ ይጻረ። ስለዚ ናብኡ እውን ከም እንደገና መመልከቻ ምእታው ኣየድልየኩምን እዩ።

## „ፍሉይ ጉዳይ" ተግባራዊ ልምምድ ስራሕን ሞያዊ ስልጠናን

### ተግባራዊ ልምምድ ስራሕ (Praktikum)

ተግባራው ልምምድ ስራሕ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ንምእታው ምቹእ ባይታ ይፈጥር። ከም ልሙድ ድማ እቲ ልምምድ ስራሕ ልክዕ ከም ቀዋሚ ስራሕ ይረኣ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ፍቓድ ስራሕ ካብ ኢሚግረሽን የድልየኩም።

ተለማመድቲ ስራሕ ከም ግቡእ ብመንጽር ሕገ-ገደብ ዋሕዲ ናይ ደሞዝ ተቐዲዶም ክሰርሑ ይግባእ (እንተወሓደ 8,50 Euro ንሰዓት ክትክፈልሉ ኣለኩም)። እቲ ናይ ልምምድ ስራሕ ግዜ ካብ ሰለስተ ወርሒ ዝውሕድ ኮይኑ ግን እቲ ሕጊ ዘይቅይደኩም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣገዳሲ ለበዋ፡

ቅድሚ ኣብ ሓደ ትካል ተግባራዊ ልምምድ ስራሕ ምጅማርኩም ፍቓድ ካብ ኢሚግረሽን የድልየኩም እንተኮይኑ ሕተቱ!

### ሞያዊ ስልጠና (Ausbildung)

ኣብ ጀርመን ሞያዊ ስልጠና ንኽትገብር ከምቲ ግቡእ ትምህርቲ ምውዳእ የድሊ። ክኢላ ናይ ምኳን ዝግበር ሞያዊ ስልጠና ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ይወስድ። ትካላውን ትምህርታውን ሞያዊ ስልጠና ድማ የጠቓልል። ኣብ እዋን ትምህርታዊ ናብ ቤት ትምህርቲ እንዳ ተመላለስኩም ናይ ክለሰ ሓሳብ ሞያዊ ስልጠና ትመሃሩ። ትካላዊ ምስ ዝኸውን ድማ ናብ ሓደ ትካል መምሃሪ ኬድኩም ብተግባር ትመሃሩ። ትካላዊ ሞያዊ ስልጠና ምስ ትበጽሑ ድማ መሃያ እውን ይግበረልኩም እዩ። ስለዚ ከም ስራሕ እውን ይቑጸር ማለት እዩ። በዚ መሰረት ድማ ኢሚግረሽን ኣብቲ ታሰራኹም ኣብቲ ናይ ሞያዊ ስልጠና ትካል ትሰርሑ ከም ዘለኹም ክምዝገቦ ይግባእ። ኣስተውዕሉ- ገለ ናይ ሞያዊ ስልጠና ቤት ትምህርቲ ተወሳኺ ስራሕ ንኽትሰርሑ እውን ይግድዳ እየን። እዚ ሞያዊ ትምህርቲ ኣብዚ ሃገር ቁሩብ ዝተሓላለኸ ኣሰራርሓ ስለ ዘለዎ ናብ ኣማኸርቲ ክኢላታት ኬድኩም ሓበሬታ እንተትቐስሙ ዝተመርጸ እዩ።

# 3.2 ትምህርቲ ኣብ እዋን ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ

## መዋእለ-ህጻናት (Kindergarten)

ብሙሉኦም ኣብ ቱሪንገን ዝተወዝዑ ህጻናት ቀዳማይ ዓመቶም ምስ ኣሕለፉ ኣለይቲ ዝርከቦ መውዓሊ ህጻናት ክኣትዉ መሰል ኣለዎም። ሓበሬታን ሓገዝን ንምምዝጋብ ኣብ መውዓሊ ህጻናት (Kita) እንተ ደሊኹም ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት መናእሰያት (Jugendamt) ወይ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት (Sozialamt) ኬድኩም ተወከሱ።

## ትምህርቲ

ኣብ ቱሪንገን ነፍስወከፍ ህጻን ካብ ሽዱሽተ ዓመት ንላዕሊ ትምህርቲ ክመሃር ግዴታ እዩ። ቅዋም ቱሪንገን ከም ዝጠቕሶ ድማ ዝኾነ ህጻን ካብ ሰልስተ ወርሒ ንላዕሊ ኣብ ጀርመን ምስ ዝቕመጥ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቦታ ክወሃቦ ከም ዘለዎ እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ምርካብ ምዝገባ ቤት ትምህርቲ በቶም ናይ ሶሻል ኣለይቲ ኣብቲ ዘለኹሞ መንበሪ ወይ ናብ ኣማኸርቲ ክኢላታት ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ብምኻድ ክትረኽቡ ይከኣል።

ግዴትነት ትምህርቲ ኣብ ቱሪንገን ን10 ዓመት እዩ ዝቕጽል ከምኡ እውን ካብ ሽዱሽተ ክሳብ  ሸውዓተ ዕድመ ዘለዉ ህጻናት ትምህርቲ ይጅምሩሞ ከከም ዓይነት እቲ ትምህርቶም ኣብ 10 ወይ 13 ዓመት ይውድኡ።  ኣብ ገለ ገለ እዋናት እውን ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ዓመት ክውሰኽ ተኽእሎ ኣሎ እንተ ደኣ እቲ ትምህርቲ ዘይወዲኦሞ ወይ ደጊሞሞ። ብዛዕባ እዚ ምስቲ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ምስ ኣማኸርቲ ክኢላታት እንተ ተዛረብኩም ኣገዳሲ እዩ።

ዝኾነ ሰብ ናይ ትምህርቲ ግዜኡ ከይወደአአ ኣሕሊፍ ናብ ጀርመን ምስ ዝመጽእ ንኣብነት ከም *„Berufsvorbereitendes Jahr Sprache“* (BVJ-S) ዝኣመሰሉ ተኽእሎ ኣለኩም። እዚ መደብ እዚ በተን ናይ ሞያ ቤት ትምህርትታት ዝዳሎ ኮይኑ ፍሉይን ጽዑቕን ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ይግበር። ሓደ ዓመት ምሉእ BVJ-S ምስ ገበርኩም ናብ BVJ ብምኻድ ኣብኡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኹም (Hauptschulabschluss) ክትዛዝሙ ትኽእሉ ኢኹም። ብድሕሪ እዚ ወይ ሞያዊ ስልጠና ክትገብሩ ወይ ድማ ናይ ልዕሊኡ ዘሎ ትምህርቲ (Realschulabschluss) ወይ ውን ማትሪክ መሳተፊ (Abitur) ትምህርትኹም ክትቅጽሉ ከም ኣማራጺ ኣሎ።

ጽቡቕ ቋንቋ ጀርመን ዝመልኩ መናእሰያት ሓደ ሓደ ግዜ ብቐጥታ ናብ BVJ ክሰጋገሩ ይኽእሉ እዮም። ና BVJ-S ንምኻድ ግን መጀመርያ ኣብቲ ትነብርዎ ቦታ ዝርከብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከይድኩም ምምዝጋብ ከድሊ እዩ። እንተ ደኣ BVJ ኮይኑ ግን ብቐጥታ ኣብቲ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ከይድኩም ትምዝገቡ።

**ኣገዳሲ ለበዋ፡**

ዝኾነ መንእሰይ ኣብ ሃገሩ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ውን ትምህርታዊ ደረጃ ዝበጸሖ እንተ ኣሎ፣ ኣብዚ ሃገር እዚ ፍልጠት ተቐባልነት ከም ዝረክብ ክግበር ይከኣል እዩ። ከከም መለከዒ ወይ መምዘኒ ድማ ኣብዚ ሃገር ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ወይ ሞያ ናይ ምምሃር ዕድላት ክርከብ ይከኣል። እንተ ደኣ ምስክር ወረቐት ናይ ሃገርኩም ኣለኩም ናብ ኣማኸርቲ ተቐባልነት ሞያ ቆጸራ ምግባር የድሊ። ኣድራሻ፣ http://www.iq-thueringen.de/

## ዩኒቨርስቲ

ኣብ ጀርመን ዩኒቨርስቲ ክመሃር ዝደሊ ሰብ ፍቓድ ተኽእሎ ትምህርቲ የድልዮ መጀመርያ። እዚ ፍቓድ ድማ ሚዛኑ ብቑዕ ትምህርቲ ኣብ ሃገርኩም ምስ ትፍጽሙ ወይ ኣብዚ ሃገር ዝበቕዕ ዩኒቨርስቲ ጀሚርኩም እንተ ነይርኩም ጥራይ እዩ ዝወሃበኩም። ኣብዚ ሃገር ማትሪክ (Abitur) ወይ ማትሪክ ንውሱን ትምህርቲ (Fachabitur) ዝገበረ ሰብ እውን ዩኒቨርስቲ ክመሃር ይኽእል እዩ። ዩኒቨርስቲ ክመሃር ፍቓድ ዘይተዋህቦ ሰብ ግን ብፍሉይ ፈተና ክእለት ቋንቋ ጀርመን ተመርሚሩ መብዛሕትኡ እዋን ድማ መጠን ክእለት ቋንቋኡ C1 ዝበጽሐ ክኸውን

ኣለዎ። ይኹን ደኣምበር ኣብዚ ሃገር ዩኒቨርስቲ ንምምሃር ካልእ መንገድታትን ሓለፋታትን እውን ኣለዉ። ስለዚ ናብቲ ክትመሃሩሉ ትደልይዎ ዩኒቨርስቲ ኬድኩም ዘድሊ ሓበሬታታት ክትረኽቡ ፈትኑ።

**ኣገዳሲ ለበዋ፤**

ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ብዛዕባ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ንስደተኛታት ዝምልከት ኣብዚ ና መርበብ ገጽ ናይ ጀርመን Deutschen Akademischen Austauschdienstes: https://www.daad.de/der-daad/fluechtlinge/de/ ተወከሱ።



FLÜCHTLINGSARBEIT IST KOSTENFREI, ABER IN KEINEM FALL UMSONST
UNTERSTÜTZEN SIE UNSERE ARBEIT!

SPENDENKONTO
Sparkasse Mittelthüringen
IBAN DE98 8205 1000 0163 0262 70
BIC HELADEF1WEM

Flüchtlingsrat Thüringen e.V.
Schillerstraße 44 // 99096 Erfurt
WWW.FLUECHTLINGSRAT-THR.DE

Das Thüringer Netzwerk BLEIB*dran* wird im Rahmen des ESF Bundesprogramms „ESF – Integrationsrichtlinie Bund“ im Handlungsschwerpunkt Integration von Asylsuchenden und Flüchtlingen (IvAF) durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales | ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland | EUROPÄISCHE UNION | Zusammen. Zukunft. Gestalten.